ማሕበር ተራድኦ ምድሓን ኣዴታት ትግራይ፣ ካብ 11/9/2015 ዓ/ም ክሳብ 30/11/2017 ዓ/ም በጀት ዓመት ዘሎ ሓፈሻዊ ምንቅስቓስ ሒሳብ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ኦዲት ከግብር ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ መስከረም 26, 2018 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 1, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5,000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 2, 2018 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣካውንቲን ተዛማድኡን/ ኦዲት ተዛማድኡን/

ናይ ጨረታ መፀዋዕታ

ማሕበር ተራድኦ ምድሓን ኣዴታት ትግራይ፣ ካብ 11/9/2015 ዓ/ም ክሳብ 30/11/2017 ዓ/ም በጀት ዓመት ዘሎ ሓፈሻዊ ምንቅስቓስ ሒሳብ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ኦዲት ከግብር ይደሊ። ስለዚ ኣብዙይ ጨረታ ክትወዳደሩ እትደልዩን ነቲ ዝስዕብ ረቓሒ እተማለኡን ውልቀን ትካላትን ኦዲተራት ሰነድ ጨረታ

ዋና ቤት ፅሕፈትና ብምውስድ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

ዝድለዩ መረዳእታታት

1. ኦዲት ንምክያድ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ምስክር ወረቐት /ብቕዓት መረጋገፂ ብርኪ ሰለስተን ልዕሊኡን ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ 2018 ዓ/ምን ከቕርብ ዝኽእል።

2. ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ኦዲት ስራሕቲ ሰሪሑ ከም ዘነበረ መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእልን፤ 3 ጊዜን ልዕሊኡን ልምዲ ስራሕ ኦዲት ዘለዎ።

3. ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ስራሕ፤ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ (in No)፤ ምዝገባ ሰርቲፊኬት፤ ሻት ወይ (IOT)፤ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ሻት ወይ (IOT) ዲክላረሽን ከቕርብ ዝክእል።

4. ሒሳብ ሰነድ ኦዲት ዝካየደሉ ቦታ ኣብ ዋና ቤት ፅ/ት ማሕበር ተራድኦ ምድሓን ኣዴታት ትግራይ ምኺኑ ፈሊጡ ዝሳተፍ።

5. መኽበሪ ጨረታ ብሸም ማሕበር ተራድኦ ምድሓን ኣዴታት ትግራይ ብር 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ ብር) ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ (CPO)፤ ብጥረ ገንዝብ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ባንኪ ውሕስና ከትሕዙ ዝኽእሉ።

6. ተጫረቲ፤ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐለ ዕለት ጀሚሩ ንትከታታሊ 6 መዓልትታት ኣብ ስራሕ ስዓት ዘይምልስ ብር 300.00(ሰለስተ ሚኢቲ ብር) ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ምውስድ ይክኣሉ።

7. ሰነደ ጨረታ፤ ፋይናንሻልን ቴክኒካልን ብዝግባእ መሊኦም ምስ ደጋፊ መረዳእታኦም ፋይናንሻል ዋና (ኦርጅናል)ን ኮፒን ነንበየኑ ኣብ ክልተ ፖስታ፤ እንደገና ፋይናንሻል ኣብ ዝብል ዓብይ ፖስታ ይዕሸጉ። ቴክኒካል ድማ ብተመሳሳሊ መንገዲ ዋና (ኦርጅናል)ን ኮፒን ነንበየኑ ኣብ ክልተ ፖስታ ተዓሺጎም፤ እንደገና ቴክኒካል ኣብ ዝብል ዓብይ ፖስታ ይዕሸጉ።
8. ኣብ ሕድሕድ ፖስታ ናይ ተረታይ ኣድራሻ፤ ኦርጅናልን ኮፕን ተባሂሉ ዝትፀሓፈሉ ማህተምን ፊርማን ዓሪፍዎ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ክሳብ ዕለት 01/02/2018 ዓ/ም ድሕሪ ቐትሪ ስዓት 8:30 ከእትው ኣለዎም።

9. እቲ ጨረታ 01/02/2018 ዓ/ም ድሕሪ ቐትሪ ስዓት 8:30 ተዓፅዩ፤ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ናይ ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ድሕሪ ቐትሪ ስዓት 9:00 ይኸፈት።

10. ተጫረቲ ኣብ ሕድሕድ ገፅ ሰነድ ጨረታ ፊርማን ናይ ትካሎም ማህተምን ከዕርፉ ኣለዎም።

11. ከይዲ ጨረታ ንምትዕንቃፍ ዝፍትኑ ተጫረቲ ካብ ጨረታ ምስራዝ ብተወሳኪ ናብ ቤት ፅት ዋና ኦዲተረ ክልል ትግራይ ክቀረበሎም ይግበር።

12. ተጫራታይ ዘቕረቦ ኦዲት ፀብፃብ ብቋንቋ ትግርኛን እንግሊዘኛን ምኻኑ ፈሊጡ ክኣቱ ኣለዎ።

13. ማሕበርና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ ጨረታ ምሉእ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

14. ኣድራሻና፤ ኣብ 16 ቀበሌ ፊት ንፊት ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ክልል ትግራይ ኣብ ዝርከብ ህንፃ ፎቶ ደስታ ቐዳማይ ደብሪ ንርከብ።

15. ንዝበለፀ መብርሂ ኣብ ስራሕ ስዓት ናብ ዋና ቤት ፅሕፈት ብኣካል ብምቕራብ ምሕታት ይክኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle